ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الإعلام والثقافة

**Eritrean National Salvation Front**
*Information and Cultural office*

# ሓጺር ሂወት ታሪኽ ስዉእ ሓርበኛ ብጻይ ኢዮብ ብስራት

ስዉእ ሓርበኛ ብጻይ ኢዮብ ብስራት ካብ ኣዲኡ ወይዘሮ ጸሃይነሽ ገብረጻድቕን ኣቡኡ ኣቶ ብስራት ብርሃነን ብ28-02-1949 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ፣ ሓደ ካብ እቶም ሸሞንተ ኣሕዋቱ (ማለት ኣቶ ሰለሙን፡ ስዉእ ቴድሮስ፡ ው/ሮ ኣዜብ፡ ወ/ሮ ስላስ፡ ኣቶ ዮሓንስ፡ ኣቶ ፍጹም፡ ኣቶ ዳዊት) ምዃኑ ይፍለጥ።

ብጻይ እዮብ ዕድምኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ድማ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ (መባእታዊ ወይ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ) ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድስቲ ማርያም ኣስመራ ተማሂሩ። ቀጺሉ ካብ ሓሙሻይ ክሳብ ሻሙናይ ክፍሊ (ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ) ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢተገ-መነን ወዲኡ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ቀዳማዊ ሃይለ-ስላሴ (ቀ.ሃ.ስ) ኣጠናቒቑ።

ናይ ካላኣይ ደረጃ ትምህርቱ ምስ ኣጠቓለለ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ኣየር “መንገድ” (Ethiopian Airlines) ተፈቲኑ፡ ሓለፈ። ምስ ሓለፈ መራሕ ነፋሪት ንምዃን ኣብ ናይ መራሕ-ነፈርቲ ቤት ትምህርቲ (ፓይሎት ስኩል-Pilot School) ትምህርቱ ጀመረ። ክልተ (2) ዓመታት ምስ ተመሃረ ግን፡ ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብዝግበር ዝነበረ ጸቕጢ ምኽንያት፡ ካብ ናይ መራሕ ነፋሪት (ፓይሎት-Pilot) ትምህርቲ ናብ ናይ ግራውንድ ተክኒሻን (Ground Technician) ክቕየር ስለ ዝተገደደ፡ ዝተዋህቦ ናይ ግራውንድ ተክኒሺኣን ትምህርቲ ኣቋሪጹ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ናይ ኢንጂነሪን ኮለጅ (Engineering College) ትምህርቱ ጀሚሩ። ድሕሪ ኣርባዕተ (4) ዓመት ድማ ትምህርቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ብጻይ እዮብ ልዑል ሃገራዊ ስምዒት ስለ ዝነበሮ ማዕረ-ማዕረ ትምህርቱ ኣብ ምስጢራዊ ስርርዕን ምንቅስቓሳትን ቃልሲ ኤርትራ ይነጥፍ ስለ ዝነበረ፡ ትምህርቱ ምስ ኣጠናቐቐ ድማ ኣብ ክንዲ ንናይ ውልቁ ናብራ ንምምሕያሽ ዝዋፈር ከም’ቲ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ’ቲ ወቕቲ’ቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ናብ ሜዳ ገጹ ኣምርሐ’ሞ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ብ1975 ተሰለፈ። ድሕሪ ግቡእ ገድላዊ ትምህርትን ምልመላን ምውሳዱ ከም ሓደ ብሉጽ ካድር ኰይኑ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳይ ተመደበ።

ናይ ወጻኢ ጉዳይ ቤት ጽሕፈት ድማ ብሸነኹ ብመጀመሪያ ኣብ ካይሮ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ. ከም ምክትል ወኪል ስለ ዝመደቦ ካብ 1976 ክሳብ መፋርቕ 1978 ንኡድ ኣገልግለቱ ኣወፍዩ። ድሒሩ ካብ ክፍላ 1978 ክሳብ 1979 ከም ወኪል ተ.ሓ.ኤ ኣብ ናይ ካርቱም ቤት ጽሕፈት ኰይኑ ንኡድ ዝኾነ ውድባዊ ንጥፈታት ኣካይዱ። ቀጺሉ ብ1979 ወኪል ውድብ ኣብ ስካንዲናቭያን ሃገራት (Scandinavian Countries) ተመዲቡ ብብቕዓትን ተወፋይነትን ኣገልጊሉ።

ቃልሱ ብምቕጻል፡ ካብ ሓሙሻይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ((ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ.)) ጀሚሩ ግን ብጻይ እዮብ መሪሕነታዊ ቦታ ሒዙ ተቓሊሱ እዩ። ኣብ ሓምሻይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ. ኣባል ባይቶ ኰይኑ ተመሪጹ። ድሕሪ ሳልሳይ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ (ብ2003) ኣባል ፈጻሚ ሽማግለን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ኰይኑ ሰሪሑ። ኣብ ሳዱሻይ ጉባኤ ድማ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ሽማግለን ከምኡ'ውን ናይ ዜናን ባህልን ሓላፊ ተ.ሓ.ኤ.-ሃ.ጉ. ኰይኑ ኣገልጊሉ። ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ( ግ.ሃ.ድ.ኤ.) ኣባል ባይቶ ኰይኑ ተመሪጹ። ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤ ግ.ሃ.ድ.ኤ ግን ብሰንኪ ዝሓደሮ ሕማማ ክሳተፍ ኣይካኣለን።

ሓደ ካብ'ቲ መግለጺ ብጻይ እዮብ ብስራት መትከላዊ ዝብል እዩ። ንህዝቡን ሃገሩን የገልግል እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ መደባት ኣብ ምትግባርን ምዕቋብን መትከላዊ ከም ዝነበረ ብኩሎም ብጾቱ ዝተመስከረሉ ባእታ እዩ። ንሓድነት ህዝቡ ከም ቢለን ዓይኑ ዝርእን ዝከላኸልን ውፉይ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ። ንሓድነት ህዝቢ ዘናውጽ ተግባራትን ሓሳባትን ከንንፎ እንከሎ ብዘይ ነግ-ፈረግ ብብልሒ ዝምክት ተባዕን ጽኑዕን ባእታ እዩ ነይሩ። ዝኣምነሎም መትከላት ኣብ ግብሪ ምውዓል ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ብጻይ እዮብ ኣዝዩ ምቕሉል ዝኾነን ፈታው ብጾቱ ስለ ዝኾነ ብብጾቱ ድማ ዝወሃቦ ክብሪ ኣዝዩ ልዑል እዩ።

ብጻይ እዮብ ማሕበራዊ ዝምድንኡ መዘና ዘይርከቦ ሰፊሕ እዩ። ሕያውነትን ርህራሄን ብጻይ እዮብ ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ጠባያቱ እዮም። ብተወሳኺ ብጻይ እዮብ ሕዉስን ተዋዛይን ብምዃኑ ኣቓልቦ ብዙሓት ዝስሕብ ጠባያት ኣለዎ። ናይ ነፍስ-ወከፍ ኣካል ባህልን ታሪኽን ዘኽብርን ጥራሕ ዘይኰነ፡ ንኩሎም ባህልታትን ልምድታትን ከምኡ'ውን መሰላትን ክብርን ናይ ህዝብና ብማዕረ ንምዕቃብ ንምርግጋጽን ምቅላስ ንጡር ሓለገት ብጻይ እዮብ ብስራት እዩ ነይሩ። ምስ'ቲ ሓለንጋይ ቁመቱ ንብጻይ ኢዮብ ምልላዩ ዘጸግም ኣብ ልዕሊ ዘይምዃኑ፡ ከም'ቲ ሓደ ብጻይ *"እዚ ጉባኤና'ሲ እቲ ሓለንጋይ ቁመት ብጻይ እዮብ ስለ ዝጉደሎ ሰኽፍክፍ ይብለኒ"* ዝበሎ ብርግጽ ኣብ ዝኾነ ይኹን ብኩራት ብጻይ እዮብ ንኽትፈልጥ ዘጸግም ኣይኰነን።

ጀግናን ገዲም ተጋዳላይን ብጻይ እዮብ ብዝሓደሮ ሕማም መሰረት ብዕለት 24-12- ሰዓት 23.00 ካብ'ዛ ዓለም እዚኣ ብሞት ተፈልዩና ይርከብ። ናይ'ዚ ዘይሕለል ብጻይ እዮብ ምፍላይ ብዓቢኡ ንዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ጉድኣት ምዃኑ ንኩሉ ብሩህ ዝኾነ ጉዳይ እዩ።

ንክብርቲ ብዓልቲ ቤቱ፡ ተጋዳሊት ሰማይነሽ ካሕሳይ፦ ክቡራት ደቁ ራህዋ፡ ሰናይ፡ ክብረት፦ ምሉኣት ስድራ ቤቱን ፈተውቱን ከምኡ'ውን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበልና ንነፍሲሄር ድማ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ብምባል፡ ነቶ'ም ከይተሓለለ ንዓመታት ዝተቓለሰሎም ዕላማታት ንምርግጋጽ ቃልስና ቀጻሊ ምዃኑ ቃል ንኣቱ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
26/12/2009